# ሓድሽ ግብረ ሽበራ ኣብ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን።

## እዚ ሽበራ'ዚ ብፍላይ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ "ዞባ ዓፋር" ስለምንታይ ተፈጺሙ? ስለምንታይከ ብመንግስቲ ጐረባብቲ ሃገራት ኤርትራን ኢትዮጵያን ከም ዓቢ ዜና ኮይኑ ንዓለም ይዝርጋሕ ኣሎ?

**ክፍሊ ዜናን ሓበሬታን መርበብ ሓበሬታ ደቀባት ኤርትራ 22 ጥሪ 2012 ዓ.ም.ፈ.**

መንግስቲ ወያነ ብዛዕባ "ንቲ ብሰኑይ 16 ጥሪ 2012ዓ.ም.ፈ. ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ "ዞባ ዓፋር" "ዕጡቓት ሰባት ኣብ ልዕሊ ወጻእተኛታት ቱሪስት መጥቃዕቲ ዝፈጸምዎ፣ ትሓታቲ መንግስቲ ኤርትራ እዩ" ክብል ወንጅሉ።

መንግስቲ ህግደፍ ከኣ "ንቲ ብሰኑይ 16 ጥሪ 2012 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ "ዞባ ዓፋር" "ዕጡቓት ሰባት ኣብ ልዕሊ ወጻእተኛታት ቱሪስት መጥቃዕቲ ዝፈጸምዎ" ትሓታቲ መንግስቲ ወያኔ እዩ" ክብል ወንጅሉ።

## ኣየናይ እዩ እቲ ሓቂ?

እቲ ብምርምር ነዚ ጉዳይ እዚ ዝከታተል ሰብ ግና፣ ኣየናዮም እዩ ሓቀኛ? ወያኔዶ ህግደፍ? ኣብ ዝብል ሕቶ ኣይኮነን ዕንክሊል ክብል ዘለዎ። የግዳስ ኣብ ክንዲ ብዛዕባ ሳዕቤን ዝዛረብ፣ ኣብ ጠንቂ ኣድሂቡ ክመራምር ኣለዎ። ብዕምቈት ነቲ ጉዳይ ተመራሚሩ ምስ ፈለጠ ጥራይ እዩ ከኣ፣ እቲ ጉዳይ ኣበይ ገጹ ከምዝኸይድ ክርድኦ ዝኽእል። ብተወሳኺ'ውን ዛዕባ እቲ ጠንቂ ጥራይ ዘይኮነ፣ ብድሕሪ'ቲ ጠንቂ ዘሎ ስዉር ውዲት ተመራሚሩ ምስ ፈለጠ ጥራይ እዩ፣ ነቲ ጭብጣዊ-መርትዕ ዘለዎ ሓቂ ክብጽሖ ዝኽእል።

ስለዚ ነቲ ዝተወረ ወረ ሓቅነቱ ብግቡእ ክንፈልጦ እንተድኣ ኰንና፣ ነዘን ዝስዕባ ሕቶታት ብምቕራብ መልሲ ክናድየለን ይግብኣና።

ቀዳማይ: መንዮም እዞም ቱርስቲ ተባሂሎም: ብፍላይ ኣብ ዶብ ሰሜናዊ ምብራቕ "ዞባ ዓፋር" መጺኣኦም ዝብሃሉ ዘለው ሰባት ? ስለምንታይከ ብፍላይ ኣብዚ ተኣፋፊ ቦታ መጺኦም? ተልእኾኦምከ ብሓቂ ንቱሪስት ጥራይ ድዩ ነይሩ? ወይስ ንስለላ መርበብ?

ካልኣይ: ብድሕር'ዞም ኣብ ዶብ ሰሜናዊ ምብራቕ "ዞባ ዓፋር" መጺኦም ዝብሃሉ ዘለው ወጻእተኛታት ዘሎ ሓይሊከ መን'ዩ ? መንግስቲ ወያኔድዩ መንግስቲ ህግደፍ? ወይስ ካልእ ስዉር 3ይ ሓይሊ እዩ?

ሳልሳይ: ነቶም ኣብ ዶብ ሰሜናዊ ምብራቕ "ዞባ ዓፋር" ዝመጹ "ቱሪስት" ዝቐተሉ ኦጡቓት ሰባትከ መንዮ ልኢኹዎም? ስለምንታይከ?

እቲ ዶባዊ ኲናት ባዱመ ክውላዕ ከሎ፣ ብወገን ኢትዮጵያ ኢሳይያስ ጀሚሩዎ ዝብል ዜና ተፈንዩ። ብወገን ኤርትራ ዝተዘርግሐ ዜና ከኣ ወያኔ (ጠረርቲ) እዮም ነቲ ኲናት ጀሚሮሞ፣ ኢሳይያስ ድኣ ተውሳኺቱ ሽዑ ንሱዑዲ-ዓረብ እንድዩ ብዲፕሎማስያዊ ስራሕ ገይሹ ነይሩ" ዝብል ነበረ። ይኹን እምበር እቲ ዶባዊ ኲናት ግና: ዝወልዐ ይወልዓዮ ተወሊዑስ፣ ዘጥፍአ ኣጥፊኡ ከኣ ኣይውግእ ኣይሰላም ኮይኑ ተወዲኡ። ኢሳይያስን መለስን ግና ካብ'ቲ ብጕይቶቶም ተመኺሮም ዝወልዑዎ: "ዶባዊ ኲናት" ንደሓር ኣይቀሰኑን። መኽንያቱ ከኣ እቲ ብረቀቕ ውዲት ዓሰብቶም ዝተወልዐ ኲናት፣ ኣብ መወዳእታ ውጽኢቱ ከም'ቲ መለስን ኢሰያስን ዝሓሰቡዎ ገርህኛ ድልየት ስለዘይኮነ። ብኣንጻሩ ግና እቶም ካብ 200 ሽሕ ዝበዝሑ መሳኪን ሰራዊት ደቂ ክልቲኡ ሃገር በጃ ክሓልፉ ሓሊፎም። መለስን ኢሰያስን ግና ስልጣኖም ከይተተንከፈ ብህይወቶም ክተርፉ ክኢሎም። በቲ ሓደ ወገን ከኣ ካብ ፍርቂ ሚልዮን ዘይውሕድ ህዝቢ ኤርትራ፣ መነባብሮኡ ተዘናቢሉ፣ ግዳይ ስደትን መከራን ከኣ ኮይኑ። ነቲ ዶባዊ ኲናት ዝተቓወሙ ገዳይም መራሕቲ ህ.ግ.ሓ.ኤ. (ጉጅለ 15)'ን ካልኦት ንጹሃት ዜጋታትን ኤርትራውያንን ከኣ ተወሰኹ። እቲ ካብቲ ኲናት ዝተረኽበ መኽሰብ ግና፣ ንፋሺስታዊ ስልጣን ኢሰያስ ንግዜኡ ኣደልደሎ። ብወገን ኢትዮጵያ

እንተኾነ'ውን ድሕሪ ህልቀት ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ጾሮናን ዓሰብን: ምእሳር 15 ኣባላት ፖሊት ቢሮ ወያኔን፣ ቅንጸላ እቲ ወዲ 46 ዝዕድሜኡ: ክንፈ ገብረመድህን ዝተባህለ ሓላፊ ጸጥታ ሃገርን ኣኸተለ። እቲ ግዚያዊ ረብሓ'ቲ ኵናት ግና ንስልጣን መለስ ዜናዊን ስብሓት ነጋን ስዩም መስፍንን ኣደልደለ። ህዝቢ ኢትዮጵያን ኤርትራን ግና: ዘይወጽእ ሓዘንን ጽልእን ጥራይ ድኣ ኮነ መኽሰቡ። እቶም ካብቲ ዶባዊ ኵናት ብዓጸፋ ዝኸሰቡ ግና፣ ብፍላይ እቶም ስትራተጂ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንኽቈጻጸሩ መታን፣ ነቲ ኵናት ንኽውላዕ ዝመኸሩ ጐይቶት ኢሰያስን መለስን፣ ብሓፈሻ ከኣ ነቶም ነጋዶ ኣጽዋርን ጥራይ ነበሩ።

እዞም ክልተ ገጽ ሓደ ቅርሺ ዝኾኑ መለስን ኢሰያስን፣ “ሓጺሩኒ ኣንተበልኩስ ተደቢሩ ይስዕስዕ“ ከምዝብሃል ምስላ ኣበዋት፣ በቲ ክሳራ ዶባዊ ኵናት ባድመ ተመኲሮምን ተማሂሮምን፣ ኩሉ ዓቕሞም ኣብ ምዓባሌን ዕብየትን ህዝብን ሃገርን ኣድሂቦ፣ ንሰላምን ቅሳነትን ክልቲኡ ህዝብታት ዝሰርሑ፣ ንባዕዳውያን ንኽሕጉሱ ብኣንጻሩ ኣብ ምህዋኽ ሰላም ጎረባብቲ ሃገራት ድኣ ተዋፈሩ። ንመረዳእታ:- እዞም ክልተ ፕሮክሲ-ገዛእቲ (መለስን ኢሰያስን)፣ ዕዮ ገዝኦም ኮነ ኢሎም ረሲዖም: ንመደብ-ዕዮ ባዕዳውያን ከም ዓቢ ዕማም ክወስዱ መረጹ። ኢሰያስ ንውድብ-ኣልሸባብ ሶማል ክሕግዝ ተጓየየ፣ መለስ ከኣ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣኺቲቱ ብወግዒ ንመቓድሾ ንኽቈጻጸር መረሸ። ኣብ ኲናት ዳርፉግ (ሱዳን) ከኣ፣ ክልቲኦም ገዛእቲ ከም ዓቢ ዕዮ ገዛ ወሲዶም ወተሃደራቶም ኣዋፈሩ። እቲ ኣዝዩ ዝገርም ድማ: ህዝቢ ኢትዮጵያን ኤርትራን እቲ ውሽጣዊ ሽግሩ፣ ከይተፈትሓሉ ብዛዕባ ጕዳያት ኣንዳማቱ ኣንዳተነግሮ ዕብክሊል ምባሉ እዩ።

ካብኡ ሓሊፉ ድማ ህዝቢ ኢትዮጵያን ኤርትራን፣ በቲ ኣብ'ቲ ሕሱር ዶባዊ ኵናት-ባድመ ፕሮክሲ-ዎርጽ ዝሃለቑ ደቁ ከይተደበሰ ከሎን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ክንዲ ድሃይ ሰላምን ቅሳነትን ምዕባሌን ዝሰምዕ፣ ነዚ ንመፈተንታ ተባሂሉ ብስውራት ሓይልታት ብሰኑይ 16 ጥሪ 2012 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ “ዞባ ዓፋር“ ዝተፈጸመ ፍጻሜ፣ ከም ዓቢ ወረ ተቘጺሩ ብወገን መንግስቲ ወያኔ ለይትን መዓልትን “ዕጡቓት ኤርትራውያን ኣብ ልዕሊ ወጻእተኛታት ቱሪስት መጥቃዕቲ ፈፊጸምዎ” ዝብል ወረ ክሰምዕ ይርከብ። ብወገን መንግስቲ ህግደፍ እንተኾነ'ውን “ዕጡቓት ኢትዮጵያውያን ኣብ ልዕሊ ወጻእተኛታት ቱሪስት መጥቃዕቲ ፈፊጸምዎ” ዝብል ወረ ይሰምዕ ኣሎ። ስለዚ እዞም ካብ ብኣእምሮኦም ብኣእምሮ ባዕዳውያን ዝምርሑ ገበነኛታት ገዛእቲ ኢሳይያስን መለስን፣ ብዝሓለፈ ኵናት ስለዘይዓገቡ፣ ገና ብሕጂ'ውን ብህዝቢታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘየቕስን ግርጭት ንክፈጥሩ ገልዳሕ ይብሉ ኣለው። እዞም ፕሮክስ-ገዛእቲ እዚኦም ቅድሚ ሕጂ ዝለከሙ ለኪሞም'ኳ ክሳብ ሎሚ ኣብቲ ዝላሕልሐ ስልጣኖም እንተሃለው፣ እቲ ክሳብ ሎሚ ተኸዊሉ ዝመስል ዘሎ ምስጢር ምስ ዝቕላዕ ግና ክልቲኦም ከምቶም ዝሃለፉ ገዛእቲ ከምዝሓልፉ መጕታዊ እዩ።

ስለዚ ክቡራት ተኻታተልቲ መርበብ ሓበሬታ ደቀባት ኤርትራ፣ ዝኾነ ይኹን ብወገን መንግስቲ ወያኔ ይኹን ብወገን መንግስቲ ህግደፍ ዝፍኖ ንግርጭት ዘባልሕ ሓዲሽ ይኹን ኣረጊት ወሬታት፣ ውዲታዊን ንረብሓ ባዕዳውያንን እንተዘይኮይኑ፣ ንመስኪን ህዝቢ ኤርትራ ይኹን ኢትዮጵያ ግና ከርብሕ ከምዘይክእል ክንግንዘብ ይግብኣና። ብዝካኣል መጠን ድማ፣ ዘሎናዮ ዘመን: ዘመን ሓሶትን ዓመጽን ስለዝኾነ፣ ካብ ዝሓለፈ ተመክሮታት ተማሂርና፣ ነቲ ሓሶት ኣንተተደጋገመ ኣብ ሓቂ ከምዘይቅየር ክንርዳእ ኣሎና። ብህድኣት ድማ ተመራሚርና ንሓቂ ኣናዲና ክንረኽባ መድረኽ ይጠልበና ከምዘሎ ክንግንዘብ ይግብኣና።

በትሪ ሓቂ ትቐጥን እምበር ኣይትስበርን!

ክፍሊ ዜናን ሓበሬታን መርበብ ደቀባት ኤርትራ

22 ጥሪ 2012 ዓ.ም.ፈ.